# ካብ ኣርባዕተ ዓይነት ባክተርያ ይከላኸሉ

## ክታበት መኒንጎኮካል ኮንጁጌት ዓይነት A, C, Y, W-135 (MenC-ACYW)



### እዚ ክታበት ካብ እንታይ ዓይነት ባክተርያ ይከላኸል፧

**ክታበት MenC-ACYW ካብ ኣርባዕተ ዓይነት ሕማም መኒንጎኮካል ዘስዕቡ ባክተርያ Neisseria meningitis ይከላኸል።**

ሕማም መኒንጎኮካል ኣዝዩ ከቢድ ረኽሲ ናይቲ ንሓንጎልን ዓንዲ ሕቖን ዝሸፍን ፈሳስን ሽፋንን (መኒንጅይትስ) ወይ ረኽሲ ደም ከስዕብ ይኽእል።

- ካብ 5 ሕማም መኒንጎኮካል ዘለዎም ሰባት ሓደ ከቢድ ረኽሲ ከማዕብል ይክእል። እዚ ድማ ምጽማም፡ ሕማም ምንፍርፋር፡ ምዝሕታል ሓንጎል ወይ ስንክልና ኢድ ወይ እግሪ ዘስዕብ እዩ።
- ካብ 10 ሕማም መኒንጎኮካል ዝሓመሙ ሰባት፡ ሞት ናይ ሓደ ሰብ ከስዕብ ይኽእል።



### እዚ ክታበት መን ክወስዶ ኣለዎ፧

- እዚ ክታበት ከም ኣካል ናይቲ ስሩዕ መደብ ክታበት ቤት ትምህርቲ ንተማሃሮ 9ይ ክፍሊ (14-15 ዓመት) ዝወሃብ እዩ። ኣብ 9ይ ክፍሊ ክታበት MenC-ACYW ክወስድዎ
- ዘይከኣሉ ተማሃሮ ክሳብ መወዳእታ 12 ክፍሊ ብነጻ ክረኽብዎ ይኽእሉ።
- ብሰንኪ ድኹም ስርዓተ ምክልኻል ኣካላት፡ ምስ ሕማም መኒንጎኮካል ዘለዎ ሰብ ቀርበት ምስዝህልወካ፡ ወይ ድማ በቲ እትሰርሖ ዓይነት ስራሕ መሰረት ብምግባር ንሕማም መኒንጎኮካል ኣብ ሓደጋ ዝተቃላዕካ ምስትከዉን ነዚ ክታበት ክትወስድ ይግባእ።



### መን እዩ ነዚ ክታበት ክወስዶ ዘይብሉ:

ንገለ ክፋል ናይቲ ክታበት ኣለርጂ ምስትከዉን ወይ ድማ ድሕሪ እዚ ክታበት ወይ ገለ ክፋሉ ምስወሰድካ ከቢድ/ዘይልሙድ ጎናዊ ሳዕቤናት ገርልካ ዝፈልጥ ምስትከዉን ነዚ ክታበት ክትወስዶ ኣይግባእን።

### እዚ ክታበት እንታይ ጎናዊ ሳዕቤናት ኣለዎ:

እቶም ጎናዊ ሳዕቤናት ልኡማትን ግዝያውያንን ኮይኖም ኣብቲ መርፍእ ዝተወግኣሉ ቦታ ምቕያሕ፡ሕበጥ፡ቃንዛ፣ ብኽያት፣ ድኻም፣ ቁጥዐ፣ ረስኒ፣ ሸውሃት ምግዳል ወዘተ የጠቓልሉ። ኣብቲ መርፍእ ዝተወግኣሉ ኣካል ዝሑልን ጽሩይን ጨርቂ ብምቕማጥ ክመሓየሹ ይኽእሉ። ንረስኒ ወይ ቃንዛ ንምቁጽጻር ከም ኢቡፕሮፌን ወይ ኣሰታሚኖፌን ዝኣመሰሉ መድሃኒታት ክውሰድ ይከኣል።

---

**ዝኾነ ተወሳኺ ሕቶታት ምስ ዝህልወኩም ወይ ብዛዕባ ክታበትኩም መደብ ክትገብሩ ምስ እትደልዩ፡ ክትገብሩ እትኽእሉ:**

- ናብ ሄልዝ ሊንክ (Health Link) 811 ደውሉ:
- ናብ መስመር ቴሌፎን AIMGA's Multilingual Health Hub for Newcomers 1-587-392-8062 ደዉሉ:
- ናብ ሓኪም ስድራቤትኩም ወይ ናብ ፕራይሜሪ ኬር ኔትወርክ(primary care network)ተወከሱ:
- ናብ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ዝወሃቦ ዝሕብሩ ሞያውያን ሓገዝ ንምርካብ ኣብዚ ሊንክ ብምጥዋቅ booking.aimga.ca ቆጸራ ሓዙ

Financial contribution:
Public Health Agency of Canada
Agence de la santé publique du Canada